# ቅጥዒ ጥርዓን

# ንተኽእሎኣዊ ጥሕሰት መሰረታዊ መሰላት ዚምልከት

**<u>ሓፈሻዊ መምርሒ</u>**

## <u>ጥርዓን ከቕርብ ዚኽእል መን እዩ?</u>

1. **ንስኹም ወይ ኣብ ክንዳኹም ዝዓዪ ሰብ ወይ ኣካል፡ ናብ ፍሮንተክስ** (Frontex) **ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል እዩ፣ እዚ ግን ብተግባራት ናይ'ቶም ኣብ ንጥፈታት** Frontex[1] **ዝነጥፉ ሰራሕተኛታት ብቐጥታ ምስትጸለዉ ከምኡውን ብሰንኪ'ዚ ተግባራት፡ ሓደ ወይ ልዕሊኡ መሰረታዊ መሰላት ተጣሒሶ ትብሉ ምስትኾኑ እዩ።** *ቻርተር ኤውሮጳዊ ሕብረት (EU Charter) ዝህቦ መሰረታዊ መሰላት ንምርካብ፡ ንጥብቆ 1 ርኣዩ።*
2. **ብዝኾነ ኣካል (ንኣብነት፥ ካልእ ሰብ፡ ጠበቓ፡ ትካላት፡ ኣባል ስድራ፡ ሕጋዊ መጉዚት ወዘተ) ክትውከሉ ይከኣል እዩ። ዝኾነ ካብዞም ኣካላት፡ ኣብ ክንዳኹም ብምኳን ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል እዩ።**
3. **ብዙሓት ሓተትቲ ጥርዓን ዘካትት ጉዳያት ድማ ኪቕርብ ይከኣል እዩ።**

## <u>ጥርዓን ብኸመይ ኣቕርብ?</u>

4. **ጥርዓንኩም <u>ብጽሑፍ</u> ኪቕርብ ይግባእ። እቲ እተቕርብዎ ጥርዓን፡ ብሰራሕተኛ መሰረታዊ መሰላት ፍሮንተክስ** (Frontex Fundamental Rights Officer (FRO)) **ክርኤ እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ** Frontex **ንዘሎ መሰረታዊ መሰላት ዚከታተልን ዜሐይልን ዘይሻራዊ ክኢላ እዩ። ነዚ ቅጥዒ ጥርዓን ምጥቃም፡** FRO፡ **ነቲ እተቕርብዎ ጥርዓን ብዝበለጸ ስሉጥ መገዲ ንኽርኢ ይሕግዞ እኳ እንተኾነ፡ ከም ዝመረጽክሙዎ ካልእ ዓይነት ናይ ጽሑፍ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ዝኾነ ደረጃ'ቲ መስርሕ'ቲ ድማ** FRO፡ **ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ሰነዳት ወይ መብርሂ'ቲ ዘቕረብክሙዎ ጥርዓን ንኽትህቡ ክሓተኩም ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ዝርዝር መወከሲ ሓበሬታኹም ከተቕርቡ ኣገዳሲ እዩ።**
5. **እቲ ዝቕረብ ጥርዓናት፡ ብዝኾን ቛንቋ** EU፣ **ከምኡውን ብዓረብኛ፡ ፓሽቶ፡ ኡርዱን ትግርኛን ኪቕርብ ይከኣል እዩ። ቅጥዕታት ጥርዓን፡ በዘን ቛንቋታት ተዳልዩ ይርከብ።**
6. **ንውሓት ጥርዓንኩም ብመጠን ኣይውሰንን እዩ፣ ኩሉ ሓበሬታ ግን <u>ካብ 15 ገጻት ንላዕሊ</u> እንተዘይኮነ ይምረጽ።**

---

[1] *ንጥፈታት* Frontex *ማለት፥ (1) ሓበራዊ ዕማም፣ (2) መፈተንታ ፕሮጀክት፣ (3) ቅልጡፍ ሓገዝ ዶብ፣ (4) ምውፋር ደገፍ ምሕደራ ስደተኛታት (5) ዕማም ምምላስ ስደተኛ ወይ ሓገዝ ምምላስ ስደተኛ። ንትርጉም መግለጺታት'ዚ ንጥፈታት ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ነቲ ብወኪል ሓለዋ ኤውሮጳዊ ዶብን ባሕርን ብዕለት 14 መስከረም 2016 ንዚወጸ መምርሒ ኤውሮጳዊ ሕብረት (Regulation (EU) 2016/1624) ተወከሱ።*

7. ጥሕሰት መሰረታዊ መሰላትኩም ካብ ዘጋጠመሉ ዕለት ወይ ብዛዕብኡ ካብ ዝፈልጥክሙሉ ወይ ዝተሓበርክሙሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት፡ ጥርዓንኩም ኽተቕርቡ ይግባእ ወይ ድማ ንጥርዓን ኽተቕርቡ ኣብ ዝኽኣልክሙሉ ግዜ ኪኸውን ይኽእል እዩ።
8. ጥርዓንኩም፡ ድሕሪ 6 ጥቅምቲ 2016 ንዘጋጠመ ወይ ጽልውኡ ኣብ ዝቐጸለ ጭብጥታት ጥራይ ከተኲር ኪኽእል ኣለዎ፣[2] እንተዘይኮይኑ፡ ተቐባልነት ኣይክረክብን እዩ።
9. ጥርዓንኩም ቅድሚ ምቕራብኩም ብመገዲ ሃገራዊ መስርሕ ጥርዓን ክትሓልፉ ኣየድልየኩምን እዩ።
10. ጥርዓን ናብ Frontex ኣብ ዘቕረብክሙሉ ግዜ፡ ናብ ሃገራዊ ወይ ኤውሮጳዊ ኣብያተ-ፍርዲ ዝኣመሰለ ንእተቕርብዎ ካልእ ቅጥዕታት ጥርዓን ንኽትጥቀሙ ኣይክልክለኩምን እዩ።
11. ን**ዝርዝራዊ ጭብጥታት** ጥርዓንኩም፣ **ንጽልዋ** እተፈጸሙ ተግባራት ኣብ ልዕሊ መሰረታዊ መሰላትኩም ብምልላይ (ጥብቆ 1 ርኣዩ)፡ ብዝተኻእለ መጠን ኽትገልጹ ይግባእ።
12. ጥርዓን ምቕራብ፡ **ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት** እዩ።

## ጥርዓን ምስ ኣቕረብኩ፡ እቲ ዝስዕብ እንታይ እዩ?

13. Frontexን FROን፡ ንኹሉ ጥርዓናት **ብምስጢር** ክሕዙ እዮም፣ እዚ ግን ንዘለኩም መሰል ምስጢራውነት፡ ኣብዚ ቕጥዒ ይኹን ብዝኾነ ካልእ ጽሑፍ ብግልጺ እንተዘይኣንሳሒብክሙዎ እዩ።
14. እቲ ጥርዓንኩም፡ ነቲ ኣብ ሓለዋ ዶብ ዝነጥፍ ወይ ኣብ ንጥፈታት Frontex እተዋፈረ ዝፈጸሞ ተግባራት ዚጠቕስ ምስዝኸውን፡ እቲ ዘቕረብክሙዎ ጥርዓን፡ ብመንገዲ FRO ኣቢልካ ናብቶም ንውልቃዊ ጥርዓናት ዝርእዩ ሃገራውያን መዚታትን ሃገራውያን ትካላት መሰረታዊ መሰላት ከምዚመሓላለፍ ኪኸውን እዩ። FRO፡ ጥርዓንኩም ኣየናይ መዚ(ታት) ከምእተቐበሎ ክሕብረኩምን ዝርዝር መወከሲ ሓበሬታን ክሕበኩምን እዩ። FRO፡ ንውልቃዊ ሓበሬታኹም ናብ ዝምልከቶም መዝታት ንኸመሓላልፎ ብፍሉይ ፍቓድ ክትህብዎ የድልየኩም (ክፍሊ 5 ናይ ቅጥዒ ጥርዓን ርኣዩ)።
15. እቲ ጥርዓንኩም፡ ብቕሉዕ ተቐባልነት ምስዘይረክብ፡ FRO፡ ተቐባልነት ዘይረኸበሉ ምኽንያት ብጽሑፍ ክሕብረኩም እዩ፣ እንተተኻኢሉ ድማ ስክፍታኹም ዝፍትሓሉ ተወሳኺ ዕድላት እንታይ ምኺኑ ክሕብረኩም እዩ።
16. ኣድራሻ፡ ኢመይል ወይ ካልእ ዝርዝር ሓበሬታ ሓታቲ ጥርዓን ምስዝቕየር፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ FRO ክሕበር ይግባእ።

ኣብ መምርሒታት መስርሕ ጥርዓን Frontex ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ካብ መርበብ-ሓበሬታ'ቲ ወኪል፥ [www.frontex.europa.eu/complaints](http://www.frontex.europa.eu/complaints) ኪርከብ ይከኣል እዩ።

---

[2] *ኣብ መምርሒ (Regulation (EU) 2016/1624) ሓለዋ ኤውሮጳዊ ዶብን ባሕርን ዝኣተወሉ ዕለት።*

FRONTEX
EUROPEAN BORDER AND COAST GUARD AGENCY

## 1. ብዛዕባ ሓታቲ ጥርዓን ዚምልከት ሓበሬታ

*ንጥርዓን ብኽምዚ መልክዕ ተቕርብዎ ኣለኹም፥*
*(ብኽብረትኩም ከከም ዝምልከቶ ምልክት ግበሩ)*

ብቐጥታ እተጸልወ/ው ሰብ/ባት ☐

ነቲ/ቶም እተጸልወ/ው ሰብ/ባት ዚውክል ኣካል ☐

**ብቐጥታ እተጸልወ/ው ሰብ/ባት፥**

ስም/ኣስማት ኣቦ፥ ..........................................................................................
ስም/ኣስማት፥ ..............................................................................................
ዕድመ፡ ልዕሊ 18 ዓመት እዩ፥ እወ ☐ ኣይፋል ☐
ዜግነት/ታት (ፍሉጥ እንተኾይኑ)፥ ...........................................................................
ሃገር ዘይብልኩም ምስእትኾኑ፡ ብኽብረትኩም ነታ ኣብ መወዳእታ እተቐመጥክሙላ ቦታ ሓብሩ፥ ..........................................................................................
ኣድራሻ ምጽሕሓፍ ደብዳቤ፥ ...............................................................................
ፖስትኮድ፥ .....................................................................................................
ከተማ፥ ........................................................................................................
ሃገር፥ .........................................................................................................
ኢ-መይል፥ ....................................................................................................
ተሌ (ንኮድ ሃገርን ከባብን ብኽብረትኩም ሓብሩ)፥ .....................................................
ፋክስ፥ .........................................................................................................
ካልእ ተመሳሳሊ ሓበሬታ፥ ....................................................................................

**መዘኻኸሪ፥ ኣብ መወዳእታ'ዚ ቅጥዒ ጥርዓን'ዚ ክትፍርሙ ኣለኩም።**

*ካብ ሓደ ንላዕሊ ሓተትቲ ጥርዓን ንዘካተተ ጉዳያት፡ ብኽብረትኩም ናይ ነፍሰወከፍ ውልቀሰብ ውልቃዊ ሓበሬታ ሃቡ።*

**ዝኾነ ተወካሊ ኣካል፥**

ስም/ኣስማት ኣቦ፥ ..........................................................................................
ስም/ኣስማት፥ ..............................................................................................
ዝምድና ምስ ሓታቲ ጥርዓን..................................................................................

ስም ትካል፡ ዝምልከት እንተኾይኑ፥ ……………………………………………………………

ኣድራሻ ምጽሕሓፍ ደብዳቤ፥ ………………………………………………………………

ፖስትኮድ፥ ……………………………………………………………………………………

ከተማ፥ ………………………………………………………………………………………

ሃገር፥ ………………………………………………………………………………………

ኢ-መይል፥ ……………………………………………………………………………………

ተሌ (ንኮድ ሃገርን ከባብን ብኽብረትኩም ሓብሩ)፥ …………………………………………

ፋክስ፥ ………………………………………………………………………………………

ካልእ ተመሳሳሊ ሓበሬታ፥ ………………………………………………………………

**መዘኻኸሪ፥ እቲ እተጸልወ ሰብ፡ ክውከል ምኺኑ ፍቓድ ከምዝሃበ ንምርኣይ፡ ኣብ መወዳእታ'ዚ ቅጥዒ ጥርዓን ክፍርም ይግባእ።**

**እቲ ሓታቲ ጥርዓን፡ ብሰንኪ ቅቡል ምኽንያታት** (ንኣብነት፥ ብሰንኪ ሞት፡ ምጥፋእ፡ ደሃይ ዘጥፍኣሉ ማእሰርቲ፡ ጥዕናዊ ምኽንያታት፡ መሃይምነት ወዘተ) **ኣብ ቅጥዒ ጥርዓን ክፍርም ምስዘይክእል** ወይ ንውክልና ብጽሑፍ ፍቓድ ክህብ ዘይክእለሉ ካልእ ገዳዲ ምኽንያታት ምስዝህሉ፡ ብኽብረትኩም ነቲ ምኽያታት ግለጹ፥

……………………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………………

## 2. ብዛዕባ ተኽእሎኣዊ ጥሕሰት መሰረታዊ መሰላት ዚምልከት ሓበሬታ

ንዕለታት፡ ቦታታት፡ መግለጺ'ቲ እተፈጸመ ተግባር(ራት) ወይ ግብረመልሲ ንምሃብ ዘጋጠመ ፍሽለትን እተሳተፉ ሰራሕተኛታትን ዜጠቓልል ንተኽእሎኣዊ ጥሕሰት መሰረታዊ መሰላት ዚምልከት ሓበሬታ ብኽብረትኩም ሃቡ። እዚ ተግባራት፡ ንመሰረታዊ መሰላትኩም ወይ ድማ ነቲ/ቶም እትውክልዎ/ም ሰብ/ባት ከምዝጸለወ ብኸመይ ከምዘረጋገጽኩም ብኽብረትኩም ግለጹ፥

a) ግምታዊ ዕለትን ሰዓትን ዘጋጠመ ፍጻሜ/ታት፥……………………………………………

b) ቦታ/ሃገር፥ ……………………………………………………………………………

እቲ ልክዕ ቦታ ዘይፍሉጥ እንተኾይኑ፡ ዝርዝር መግለጺ ናይቲ ፍጻሜ ዘጋጠመሉ ቦታ ብኽብረትኩም ኣቕርቡ፥

……………………………………………………………………………………………

....................................................................................................

c) **ዝርዝር መግለጺ ናይቲ/ቶም ኣንጻሩ/ሮም ጥርዓን እተቕርብሉ/ሎም ዘለኹም ሰብ/ባት። እቲ ጥርዓን ንተግባራት ናይዞም ዝስዕቡ ሰባት ዚምልከት ምዃኑ ብዘለኩም ኣፍልጦ ግለጹ (ኣብ ኩሉ ዝምልከት ምልክት ግበሩ)፥**

   a. **ሓሳስ ሰማያዊ መእሰሪ-ኢድ** Frontex **ዘለዎ/ም ሰብ/ባት** ☐
   b. **ካርድታት መንነት** Frontex **ዘለዎ/ም ሰብ/ባት** ☐
   c. **ሃገራዊ ድቪዛ ናይቲ ፍጻሜ ዘጋጠመሉ ቦታ እተኸድነ/ኑ ሰብ/ባት** ☐
   d. **ኣስተርጉምቲ፣ መራሕቲ ማካይን ወዘተ ዝኣመሰሉ ካልኦት ሰባት** ☐

**ብዛዕባ'ቲ/ቶም ኣብዚ ጉዳይ ዝነጠፈ/ፉ ሰብ/ባት ዚምልከት ሓበሬታ ሃቡ (ንኣብነት፥ ስም፣ መግለጺ ክዳን፣ እተዘርበ ቛንቋ፣ ኣካላዊ ኣቃውማ፣ እንታይ ዓይነት ስራሕ ወይ ዕማማት የካይዱ ነይሮም ወዘተ)፥**

....................................................................................................

....................................................................................................

....................................................................................................

....................................................................................................

d) **ዝርዝር መግለጺ ፍጻሜ፣ እንተተኻኢሉ ብቕደም ተኸተል ሃቡ (ኣድላዪ እንተኾይኑ ተወሳኺ ገጻት ምስዚ ኣተሓሕዙ)። እቲ ተኽእሎኣዊ ጥሕሰት፣ ሕጂ ይቕጽል እንተልዩ፣ ብኽብረትኩም ግለጹ፥**

....................................................................................................

....................................................................................................

....................................................................................................

....................................................................................................

....................................................................................................

....................................................................................................

....................................................................................................

e) **እቲ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ ፍጻሜ ንዓኹም ብኸመይ ከምዝጸልወኩምን ንመሰረታዊ መሰላትኩም ብኸመይ ከምዝጠሓሶን ዚምልከት ዝርዝር መግለጺ** *(ንዝርዝር መሰረታዊ መሰላት፣ ንጥብቆ 1 ርኣዩ)፥*

....................................................................................................

....................................................................................................

....................................................................................................

....................................................................................................

……………………………………………………………………………………………………
……………………………………………………………………………………………………
……………………………………………………………………………………………………

## 3. ጥርዓንኩም ንኻልኦት መዝታት ምሃብ

**መዘኻኸሪ፥ ንጥርዓንኩም ናብ Frontex ቅድሚ ምቕራብኩም፡ ንሃገራዊ ኣገባባት መሰርሕ ብዝኾነ መልክዕ ከተካዪዱ ኣየድልየኩምን እዩ።**

1) ንጥርዓንኩም ናብ ዝኾነ ቤት ፍርዲ (ንኣብነት፥ ሃገራዊ፡ ኤውሮጳዊ፡ ወዘተ) ኣቕሪብኩም ኣለኹም'ዶ? ኣየናይ ቤት ፍርዲ ምዃኑ፣ እዋናዊ ኩነታትን ፍሉጥ እንተኾይኑ ድማ ውጽኢት'ቲ መሰርሕን ብኽብረትኩም ሓብሩ፥

……………………………………………………………………………………………………
……………………………………………………………………………………………………
……………………………………………………………………………………………………

2) ንጥርዓንኩም ናብ ዝኾነ ካልእ ትካል (ንኣብነት፥ ሃገራዊ ምክትታል ጉዳያት ህዝቢ፡ ሃገራዊ ትካል ሰብኣዊ መሰላት ወዘተ) ኣቕሪብኩም ኣለኹም'ዶ? ኣየናይ ትካል ምዃኑ፣ እዋናዊ ኩነታትን ፍሉጥ እንተኾይኑ ድማ ውጽኢት'ቲ መሰርሕን ብኽብረትኩም ሓብሩ፥

……………………………………………………………………………………………………
……………………………………………………………………………………………………
……………………………………………………………………………………………………

## 4. ቅዳሓት ሓገዝቲ ሰነዳት

1) <u>ቅዳሓት</u> ናይቲ ምስ ጥርዓንኩም ዚተኣሳሰር ኲሉ ሓገዝቲ ሰነዳት ብኽብረትኩም ኣቕርቡ። ኣብነታት'ዚ ሰነዳት፡ ከምዚ ዚስዕብ ኪኸውን ይኽእል እዩ፥
   - ቅዳሕ ወረቐት መንነትኩም፡ ፓስፖርት ወይ ካልእ ዓይነት መንነት፣
   - ቅድሓት ዝኾነ ሰነዳት፡ ስእልታት፡ ቪድዮታት፡ ጸብጻባት፡ ወረቓቕቲ ምስክር፡ ቃል-መግለጺ ምስክር ወይ ምስ ጥርዓንኩም ዚተኣሳሰር ካልእ ሓገዝቲ ሰነዳት፣
   - ንጥርዓንኩም ናብ ካልእ ኣብያተ-ፍርዲ ወይ ትካላት ዘቕረብኩም እንተኼንኩም (ክፍሊ 3 ርኣዩ)፡ ቅዳሓት ቅጥዕታት ጥርዓን፡ ናይ ጽሑፍ ክስታት ወይ ምስ'ዚ መስርሓት ዚተኣሳሰር ውሳኔታት።

2) ሓገዝቲ ሰነዳት ኸተቕርቡ ዘይትኽእሉ እንተኼንኩም፡ ብኽብረትኩም መግለጺ ሃቡ፥

......................................................................................................................

......................................................................................................................

......................................................................................................................

**መዘኻኸሪ፥ ናባኹም ስለዘይምለስ ብኽብረትኩም ኦሪጅናል ወረቓቕቲ ኣይተቕርቡ**

## 5. ምስጢራውነትን ውልቃዊ ሓበሬታን

ነዚ ጥርዓን ብምቕራብ፡ ነቲ ብFrontexን FROን ዝካየድ ምርኣይ (ምምስራሕ) ውልቃዊ ሓበሬታ ፍቓድ ትህቡ ኣለኹም ማለት እዩ[3]። ኣብ ግዜ ምርኣይ (ምምስራሕ) ውልቃዊ ሓበሬታ ዘድሊ ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ዚምልከቶ መግለጺ ምስጢራውነት ተገሊጹ ይርከብ።

ጥርዓናት፡ ብFrontexን FROን ብምስጢር ከምዚተሓዝ ይኸውን። ጥርዓንኩም፡ ተቐባልነት ከምዝረኸበ እንተተሓቢሩ፡ ንምክትታል ናብ ሃገራውያን መዚታት ከምዝመሓላለፍ ኪኸውን እዩ፣ ነቶም ጥሕሰት መሰረታዊ መሰላት ብብቕዓት ዝከታተሉ ትካላት ድማ ዜጠቓልል እዩ። <u>ነቲ ኣብ ክፍሊ 1 ዚሰፈረ መንነትኩምን ውልቃዊ ሓበሬታኹምን፡ ነቶም ዝምልከቶም ሃገራውያን መዚታትን ትካላት መሰረታዊ መሰላትን ንኽህብ፡ ንFRO ብግልጺ ፍቓድ ከምዝሃብኩም</u> ብኽብረትኩም ኣረጋግጹ። ንውልቃዊ ሓበሬታኹም ንኻልእ ንኽይትህቡ እንተወሲንኩም፡ እቲ ጥርዓን፡ በቶም ብቑዓት ሃገራውያን መዚታትን ትካላት ሰብኣዊ መሰላትን ኪነጽግ ተኽእሎ ኣለዎ።

---

[3] *ብመሰረት ነጥቢ (መ) ዓንቀጽ 5 ኤውሮጳዊ ሕጊ (Regulation (EC) ቍ. 45/2001) ዝሀቦ ትርጉም*

FRONTEX
EUROPEAN BORDER AND COAST GUARD AGENCY

*ውልቃዊ ሓበሬታይ፡ ንሃገራውያን መዚታት ንኽልኣኽ ፍቓድ ይህብ ኣለኹ፣ እዚ ድማ ነቶም እቲ ፍጻሜ ኣብ ዘጋጠመሉ ክፍለ-ሃገር ዝርከቡ ኣብ መሰረታዊ መሰላት ብቕዓት ዘለዎም ዝምልከቶም መዚታት ዜጠቓልል እዩ (ብኽብረትኩም ምልክት ግበሩ)።*

እወ ☐ ኣይፋል ☐

## 6. መኣረምታ

**ጥርዓንኩም ተቐባልነት እንተረኺቡ፡ ነቲ ዝሰዓበ ጉድኣት ንምእላይ** Frontex **ወይ ካልእ ትካላት ክገብርዎ ኣለዎም ኢልኩም እትህብዎ ርእይቶ እንታይ እዩ**?

……………………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………………

……………………………………………………………………………………………

## 7. ምቕራብ ጥርዓንኩም

ንጥርዓንኩምን ኣገደስቲ ተወሰኽቲ ሰነዳትን፡ ብመገዲ ኢመይል (complaints@frontex.europa.eu)፣ መርበብ-ሓበሬታ Frontex ኣቢልኩም፡ እቲ ፍጻሜ ኣብ ዘጋጠመሉ ቦታ ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት Frontex ብቐጥታ ከተቕርቡ ትኽእሉ ወይ በዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ጾስጣ ክትሰድዎ ትኽእሉ፥

Frontex Fundamental Rights Officer, Complaints
Frontex
Plac Europejski 6
00-844 Warsaw
Poland

ዕለት፥ .................. ክታም ሓታቲ ጥርዓን

ዕለት፥ .................. ክታም ዝኾነ ተወካሊ ኣካል፡ ዝምልከት እንተኾይኑ

FRONTEX
EUROPEAN BORDER AND COAST GUARD AGENCY

## ንፍሮንቴክስ  ናይ ጥርዓን አሰራርሐ
## ናይ ውለቀ መግለፂ

ጥርዓንኩም ሽምኩም፣ዥርዝር ኣድራሻ ዝበሉ ከም ኡድማ ምስ ጥርዓን ኩም ተዛመድቲ ዝኾኑ ደገፍቲ ቅዳሕ ለና ( ኣብነት ኣካላዊ ጉድኣት ዘርኢ ናይ ፎቶ ሰነድ፣ናይ ፖሊስ ሪፖርት/ፀብፃብ ወዘተ) ውለቀ ዳታ/ሓበሬታክሕዝይኽእል፡፡ ናይ ፍሮንቴክስ መሰረታዊ መሰላት አፊሰር ናይ ዳታ ተቆፃፃሪ ንፍሮንቴክስ  ናይ ጥርዓን አሰራርሐ ይከታተል፡፡

ጥርዓኖም ኽቕርብ ከሎ ናቶም ዳታ ይመርመር፡፡ ናይ ዳታ ምምርማር ከይዲ ምቅራጽ ምጅጃው  ብመሰረታዊ ናይ መሰላት አፊሰርን አከትሕቲኡ ዘለው ሰራሕተኛታትን ይኽዘን፡፡ ተግባራዊ እንተኾይኑ ናይ  ዳታ ምርመራ ናይ ፍንቴክስ አፈጻሚ ዳይሬክተር ምውቃስ የካትት  እቲ ፍሮንቴክስ ዳታ አፊሰር ምኽልካል፣ ኣባል መንግስቲ፣ሰብ መዚታት እዚ ጥርዐን ብዝምልከት ዝሳተፍ እንትኾን ሀገራዊ መሰረታዊ መሰላት ትካላት አብቲ ዝምልከቶ ኣባል መንግስቲ ነቲ  ጥርዐን የቕርብ፡፡ ናቶም ዳታ ዝቕበሉ መሰረታዊ መሰሉ ዝተጣሕሳ  አብ ግምት ብምእታው ክቀያየሩ ይኽእሉ፡፡

መሰረታዊ መሰላት አፊሰር ወይ ናቱ/ናታ ናይ ውልቂ ዳትኣም ንዝምልከቶ በዐልመዚ  በምኽፋት ናይቲ ጥርዓን ከይዲ ክሰርሑ ክመልከቱን ከምኡውን ብሄራዊ ናይ መሰሎም ዝሕደጉ  ሙኻኖም አዝቲ ናይ ጥርዐን ቅጥል ክመልኡ አለዎም፡፡ ንምስጢራውነት መሰሎም ዘይሐድጉ እንተኾይኖም ናይ መሰረታዊ መሰላት አፊሰር እቲ ሐቀቂ ጥራሕ እምበር ናቶም ውልቃዊ ዳታ ንዝምልአቶም ሀገራ ሴኮ መዚ አይል እኽን፡፡ ናይ ምስጢራውነት መሰሎም ዘይሐድጉ እንተኾይኖም ብሀገራዊ በዐል መዚ ጥርዐኖም ዝንፀገ ሙኻኑ ይፍለጡ፡፡

ናቶም ውልቃዊ ዳታ ምምርማር ዕላማኡ ዝምልኣቶም ሰብ መዚታት ክድህሰሱ ኽምርምሩ   ሰምዒት ዘለዎ ናይ ጥርዐኖም ሐቂታት ክምልከቱ ይሕግል አድላዩ እንተ ኮይኑ ምስኦም ርከብ ክገብ ይኽእሉ፡፡  ናይ ጥርዐን ከይዲ አብ አንቀጽ 72ተን  ናይ ድንጋገ 2016/1624 አብ አውሮጳውያን ቦርድን ኮስት ጋርድን ከምኡውን ናይ ጥርዐን አሰራር ሐናይ ኤጀንሲ ምምርሒታት በቲ ውሳነ ናይ አፈጻፀሚ ዳይሬክተር ቁፅሪ ቢ-ኢኦ-2016-106 አብ ጥርዐን አሰራርሐ አብ ኦክቶበር 2016 ከምኡውን አብ ፍሮንቴክስ ዌብሳይት ዝተሐተመ ከንብሉ ይኽእሉ፡፡

ናትኩም ዳታ እቲ ጥርዐኖም ካብ ዝቀረበሉ ጊዜ ካብ ሰለሰተ (3) ዓመታት ንላዕሊ አይነውሕን እዚ ናብ መሰረታዊ መሰላት አፊሰር ጥርዐኖም ካብ ዝቕረበሉ ማለት ኢዩ፡፡ አብዚ ህምትዚ ዳታ ዝተሐዘሉ ጊዜ ከዝምልከት ክንገሮም ኢዩ ድሐሪ ሰለሰት (3) ዐመት ዳትአም ይዝረዝ ፡፡ ብዘእምን ምኽንያት ናይ ዳትኦም ዝተሓዘሉ ጊዜ ንሽድሹ (6) ወርሒ ክናዋሕ ፍቃድ ክወሃበኩም ይኽእል፡፡ እቲ መሰረታዊ  መሰላት አፊሰር ምስኦም ንሽድሽት (6) ወርሒ ክናዋሕ ፍቃድ ክወሃበኩም ይኽእል፡ ፡

በ አውሮጳ ኽብረጽ ቻርተር መሰረታዊ መሰላት ድንጋገ 45/2001 እና 95/46/EC ከምኡውን መሰል አለዎም፡ ናይ ዳትኦም ከይዲ ከቋርፁ ናይ ዳታ ከይዲ መቁራፅ መሰል፣  ናይ ዳታ ምጥፋእ መሰል ከምኡውን ናይ አውሮጳ  ናይ  ዳታ ሐለዋ ሱፐር ቫይዘር ከ (www.edps.europa.eu)ኽራኸቡ ይኽእሉ፡፡

እቲ ናይ መሰረታዊ መሰላት አፊሰር ወይ  ናቱ/ናታ ሰራሕተኛታት አብቲ  ጥርዐን ዝሳተፉ ምስክራት ዝንኸሰሱ ሰባት ከምኡውን ሳልሳይ ወገን አብቲ ጥርዐን ዝተሳተፉ ይምርምሩ፡፡ ሰለቲ ከይዲ መረዳ እታ ይወሃቦም እዚ  ናይ ውልቆም ዳታ ዝምልከት ኢዩ፡፡